# ሰንበት ዘልደት

30 ታሕሣሥ 2015 ዓ.ም. (1/08/ 2023)

ቅድስት ስድራ

**መዝሙር፡** ይሠርቅ ኮከብ እም ያዕቆብ...ካብ ያዕቆብ ኮኾብ ክወጽእ እዩ፥ ካብ እስራኤል ኃጢአት ከጥፍእ እዩ፥ አነ በዅረይ ኽገብሮ እየ ካብ ኩሎም ነገስታት ምድሪ ልዑል እዩ፥ ንዅላ ምድሪን አብ ልዕሊ ኹሉ አድባራት ምስክር ክኸውን እዩ። ሎሚ አብ ሰማያት ሰራዊት መላእኽቲ ይሕጎሱ፥ አነ ኽእ በዅረይ ክገብሮ እየ አነ ኽአ በዅረይ ክገብሮ እየ።

**ንባባት፡** ሮሜ 15፡4-14፥ 1ዮሓ. 3፡1-2, 21-24፥ ግ.ሓ. 23፡32-ፍ፥ ሉቃስ 2፡41-52።

**ስብከት፡** ወአነሂ በኲርየ እረስዮ። ወልዑል ውእቱ እም ነገስተ ምድር፥ ውለዓለም አዓቅብ ሣህልየ። አነ እውን በዅረይ ክገብሮ እየ፥ ንሱ ኻብ ነገሥታት ልዕል ዝበለ ኺኸውን እዩ፥ነቲ ዘተሰፈኽዎ ምሕረት ንዘለዓለም ክሕልወሉ እየ፥ ኪዳነይ ከጽንዓሉ እየ መዝ. 89፡ 27-28።

፫ይ ክፍሊ ዓመት ኢና ሒዝና ዘሎና ካብ 26 ታሕሣሥ - 25 መጋቢት ሓጋይ። አብ ዘመነ ሓጋይ አዋርኅ ነቕጽን ደርቅን እዩ አብኡ ዘመነ አስተርእዮን ዘመን ጾምን ይርከብ።

ድሕሪ ብዓለ ልደት ዝመጽእ ሰንበት ዘልደት ይብሃል፥ ንባባቱን ትሕዝቶ ጸሎቱን ልክዕ ከም ናይ ልደት እዩ። አብ ናይ ዕለቱ ሰንበት መዝሙር ተመስሪትና ክንርእዮ ከሎና እቲ ካብ ያዕቆብ ዝውለድ ባህርና ሥጋና ለቢሱ ንዅሉ ከም ዝቐየሮ ይነግረና። ናይ ኢየሱስ ልደት ንፍጥረት ተሓድሶ እዩ አምጺእሉ። ምስቲ ምንጪ ዝዀነ አምላኽ ዕርቂ ስለ ዝፈጠረሉ ተፈጥሮ ፍጡር ተሓዲሱ እዩ እሞ ንተሓጎስ ንዘምር ይብል።

አብ ንባባት መሰረት ገርና ብዛዕባ ቅድስት ስድራ ክነስተንትን። አብ እምነትና ቅድስቲ ስድራ ብዅሉ ዝለዓለ ቦታ ሒዛ ትርከብ፥ ካብአ ዅሉ ምስ አምላኽ ክንገብሮ ዝግብአና ርክባትን ክንሕዞ ዘሎና ሕይወትን ስለ እንምሃር ብዛዕብአ ክነስተንትን ጥቕሚ አልኦ። ቅድስት ስድራ አብነት ናይ ዅሉ ክርስትያናዊ ስድራ እያ ከምኡ ንሕይወት ቅድስት ስድራ እንተ ስዒብና ምስ አምላኽ አሎና ስድራና ፍሉይ ጸጋን በረኸትን ይወርዳ።

ሰብ ዝልዓለ ርክብ ድሕሪ አምላኽ ዝገብሮ ምስ ስድርኡ እዩ። ስድራና ዅሉ ነገር እዮም፥ ስድራ ዘልኦ ዳርጋ ዝጎድሎ የብሉን፥ ካብ ከምዚኦም ዝበሉ ስድራ ምውላደይ ፍሉይ ሓጎስ ይህበኒ እናበልና ካብ ስድራና ዝረኸብናዮ ጸጋ ንገልጽ። ስድራና እምብአር ኩሉ ነገር እዮም ንአና። ነዚ አብዚ ዝስዕብ ታሪኽ ክንዕዘቦ ንኽእል።

አብ ሓደ ዝንገር ታሪኽ ንጉሥ ዳርዮስ መስራቲ ንግስነት ፋርሳውያን (ኢራን)፥ ሓደ እዋን ሓደ መኮንን ምስ ስድርኡ ተማሪኹ አብ ቅድሚኡ ምስ ቀረበ እቲ ንጉሥ ነቲ ዝተማረኸ እንተ ፈታሕኩኻ እንታይ ትህበኒ ኢልዎ? ምሩኽ ፍርቂ መንግስተይ ኢሉ መለሰ፥ ንጉሥ ደቅኻ እንተ ፈታሕኩልካኸ ኢሉ ሓተቶ? ዅሉ አነ ዝውንኖ ሃብተይ እህበካ እናበለ ብዓይኒ ተስፉ እናጠመተ መለሰ፥ ሰበይትኻ እንተ ፈታሕኩልካኸ? ክቡር ንጉሥ ሕይወተይ እህበኩም ኢሉ መሊሱ ይብሃል። ዳርዮስ ንጉሥ ፋርስ አብ ስድርኡ ዘለዎ አኽብሮትን ፍቕርን ርእዩ ንዅሎም ነጻ ሰዲድዎም ይብሃል። ንገዛ እናተመልሱ እቲ መኮንን ንብዓልቲ ቤቱ ዳርዮስ ብጣዕሚ መልክዐኛ ሰብ እዩ አስተውዒልክልዶ እናበለ ብአድንቖት ሓተታ፥ ሰበይቱ ብምሉእ ዓይኒ ፍቕሪ ዓይኒ ዓይኑ እናጠመተት አየስተውዓልኩን አየስተብሃልኩሉን፥

ምኽንያቱ ዓይነይ ኣባኻ ጥራሕ እየን ዝጥምታ ነረን፥ እቲ ገዛእ ርእሱ ምእንታይ ክህብ ፍቓደኛ ዝኾነ ብዓል በተይ በለቶ ይብሃል።

ኣብዚ ዛንታ እንዕዘቦ ዝገጠመሞ ከቢድ ጸገም ብዘየገድስ ኣቦ እዛ ስድራ ፍቕሪ ሰበይቱ ደቁ ልዕሊ ኹሉ ከም ዝሰርዕ ዝርኣየ ንጉሥ ነጻ ክኸዱ ኣዚዙ። ሰብኣያ ልዕሊ ኹሉ ነገር ንሰበይቱ ከም ዝርኢ፥ ኣደ ሰብኣያ ጥራሕ ከም ዝውንናን ከም እተፍቅሮን ትገልጽ፥ ክልተ ወለዲ ደቆም ልዕሊ ዝኾነ ገንዘቦም ንብረቶም ከም ዝሰርዕዎም ንርኢ እዚ ኹሉ ዝገልጾ እዛ ስድራ ፍቕርን ሓልዮትን ዝመልኣ ስድራ ከም ዝነበረቶ ንርኢ። ብሓቂ ክንርእዮ ከሎና ናይ ሓንቲ ስድራ ጽንዓትን ብርታዐን ዝርአ ኣብ ጽንኩርን ፈተናን እዋን ዝገጥማ ክትብድህ እንከላ እዩ።

ስድራ ክፍሊ መደብ ኣምላኽ እያ። ስድራ መሰረት ሕብረተሰብ ኣብኣ ወለድን ደቆምን ኵሉ ዝረኽቡላን ኣብ ብስለት ዝበጽሑላን እያ። ስላሴ (ኣብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ) ናይ ርእሶም ስድራ ክንሶም ንኹሎም ደቂ ሰብ ድሕነትን ቅድስናን ክህቡ ንድለቶም እትፍጽም ምድራዊት ስድራ ኣብ ዓለም መሪጾም። እዚ ምስጢር እዚ ኣብ ዕለተ ልደት ኣብዒልናዮ።

ቅድስት ስድራ ብኢየሱስን ማርያምን ዮሴፍን ዝቖመት እያ። እዛ ቅድስት ስድራ ኣብነት ናይ ኩለን ስድራታት እያ፥ ድሕሪ ልደት ክርስቶስ ክንዝክርን ክነብዕልን ከአ ፍሉይ ትርጉም ይህቦ። ናይ ነፍሲ ወከፍና ስድራ ብመንጽር ናይ ቅድስት ስድራ ክንግምግም ግቡእ እዩ። ኢየሱስ ምድራዊ ሕይወቱ ናይ ስድራ ኣባል ኮይኑ እዩ ኣሕሊፈፍዎ። ብዙሕ ጊዜ ከም እንሓስቦ ቅድስት ስድራ ሓጎስ ዝመልኦ ሕይወት ጥራሕ ተሕልፍ ከም ዝነበርት እዩ፥ እንተ ኾነ ከም ኩለን ስድራታት ብዙሕ ጽቡቕን ሕማቕን፥ ዘሓጉስን ዘሕዝንን ከምኡ ጸገማትን ግድላትን እተሕልፈሉ ጊዜ ነርዋ እዩ። ብሓቂ ክንርእዮ ከሎና ካብ መጀመርያ እዩ ብዙሕ ጸገማት ገጢምዋ።

ኣብ ዝተነበ ወንጌል እንተ ርአና እዛ ቅድስት ስድራ ተባሂላ ዘላ ካብ ካልኦት ስድራታት ፍልይ ዝበለት እያ። ኣደ ድንግል እንከላ ወሊዳ ኣቦ እውን ባዮሎጂካዊ ኣቦ ኣይኮነን። ከም ሓንቲ ብልጽቲ ስድራ ትነብር ኣይነበረትን። ሄሮዱስ ገዛእ ሃገር ካብ መጀመርያ ክጥፍአ እዩ ደልዩ በዚ ኸአ ንስደት ከይዳ። እንተ ኾነ እዚኣ እታ ኣምላኽ ዝመረጻ ስድራ፥ ወዱ ኣብኣ ክዓቢ ዝደለያ እያ። ማርያም ኣደ ኣምላኽ ክትከውን ከም ዝተሓርየት ትነገር እምበር ዕሞቕ ምስጢር ካብኣ ዝውለድ ብእመነት እያ ተቐቢላቶ። ከም ሰብ ክንሓስብ ከሎና ኣብ ገለ እዋን እቲ ዝተባህላን ዝገጥማ ዝነበረን ነገራት እንተ ረአና ዝገራጮ ይመስል። ኣደ እቲ ልዑል ክትኮኒ ኢኺ ጸጋ ዝመልኣኪ እዩ፥ ካብ ሕጂ ንድሓር ኩሎም ወለዶ ብጽእቲ ክብሉኺ እዮም ዝብል ምስቲ ዝገጥማ ዝነበረ ዝሰማማዕ ኣይመስልን። ብዝኾነ ነገሩ ጉዳይ ክኣልኩሉ ኣምላኽ ስለ ዝኾነ ክኣምኖን ክቕበሎን ጥራሕ እዩ ዘሎኒ ኢላ ንቃል ኣምላኽ ሰሚዐ ተቐቢላቶ እያ፥ ሕጂ ነቲ ዝተባህላ ሳዕበናቱ እያ ትገብርን ትነብሮ ዘላ። ዮሴፍ ሕጹያ ዝነበረ ብጽንሲ ማርያም ተገሪሙ እዩ፥ ከምቲ ሕጊ ዝእዝዞ ኸአ ብሱቕታ ክፈትሓ ይደሊ ነሩ ግን ጻድቕን ሕያዋይን ስለ ዝነበረ ከቃልዓ ይደሊ ኣይነበረን። መልኣኽ ብሕልሚ ምስ ተራእዮ እሞ ኵሉ ምስ ነገሮ ነቲ ዝተባህሎ ተቐቢሉ ኣብ ምድኃን ኣደን ሕጻንን ንግብጺ ንስደት ከይዱ። ሄሮዱስ ምስ ሞተ ኸአ እንደገና መልኣኽ ብሕልሚ ክምለስ ምስ ነገሮ ተመሊሱ። ኣብዚ እንርእዮ ዮሴፍ ኵሉ ጊዜ ካብ ኣምላኽ ንዝመጽኦ መልእኽቲ ይሰምዕን የተግብርን ነሩ። እዚ ዝልዓለ ቅዱስ ይገብሮ። ምስጢር ዘዕብዮ ውሉድ ከምኡ ኩነታት ሰበይቱ ክፈልጥ ክመራመር ኣይደለየን፥ ኩሉ ንኣምላኽ ሂቡ ብእምነት ተጓዒዙ።

ሉቃስ ወንጌላዊ ኢየሱስ ወዲ ዓሰርተ ክልተ ዓመት ምስ ኮነ ካብ ወለዱ ተፈልዩ ኣብ ቤተ መቕደስ ከምዝተረፈ ወለዱ ክሳብ ዝረኽብዎ ከም ዝተሸገሩ ይነግረና። ኣብዚ ኢየሱስ ብወለዱ ተሓጊዙ ኵሉ ስርዓት እምነት ኣይሁድ ይፍጽም ከምዝነበረ ንርኢ። ካብ ወለዱ ተፈልዩ ኣብ ቤተ መቕደስ ምስ ሊቃውንቲ ክዛረብ ረኺቦሞ። ኢየሱስ ኣብ ጉዕዞ ሕይወትና ክጠፍኣና ይኽእል እዩ ክሳብ ንረኽቦ ክንደልዮ ይግባእ። ጠፊእናዮ ወይ ጠፊኡና ክነብር ድላዩ ኣይኮነን።

ሓንቲ ስድራ ኣባላ ብዝኾነ ምኽንያት ክጠፍእ ወይ ክፍለያ እንከሎ ኵላ እያ እትሓምም እትሽገር። ብምጥፋእ ኣባላ እትሕጎስ ስድራ የላን። እሞ ሎሚ ካብ ስድራና ካብ ቤተ ክርስትያና ካብ ሕብረተሰብና ዝጠፍኡና ምምላስ ዝጸገሞም ኣለዉናዶ? ኣብዚ ርክባትና ክንርኢ እሞ ነቲ ኣብ ሓንቲ ስድራ ዝጥርንፈና መገዲ ክንሕዝ ዘዘኻኽረና እዋን እዩ። ኵላትና ከም እንፈልጦ ብባህርና ክንቅይር፥ ክንምሕር፥ ክንሳሕ፥ ይኸብደና እዩ። ኣይስዓርን ኣይቅይርን ብሃልቲ ኢና እንተ ኾነ ሎሚ ዘድሊ ዘሎ ንስምዒትናን ንጠባያትና ቀይርና ኣብ ሓደ ዝገብረና ነገር ክንጥርነፍ ክንጽዕር እዩ።

ኢየሱስ ካብ ስድርኡ ጠፊኡ ክንብል እንከሎና ናይ ምፍላይ ጥፍኣት ኣይ ኮነን ንሱ ኣብ ናይ ሰማያዊ ኣብኡ ጉዳይ እዩ ነሩ እምበር ኣይጠፍኣን ወላ እኳ ኣዲኡ ስለምንታይ ከምዚ ገበርካና እናበለት ጓሂኣ እንተ ገለጸት። ኢየሱስ ኣብ ቤተ መቕደስ እዩ ተረኺቡ ኣብ ቤት ኣምላኽ ምስ ኣገልገልቲ ኣምላኽ ምስጢር ኣምላኽ እናገለጸ እዩ ተረኺቡ እዚ ንርእሱ ትምህርቲ ኣልኦ። ዝጠፍአ ሓውና ሓፍትና መጀመርያ ንረኽቦዶ ኣበይ ንረኽቦ? ኣብኡ መሰረት ገርና ሓውናን ሓፍትናን ጠፊኦም ዘለዉ ንርከቦም። ኣብ ሕይወትና መን ብቐዳምነት ንሰርዕ? ኢየሱስ ድላይ ሰማያዊ ኣብኡ እዩ መጀመርያ ቀዳምነት ሂቡ ዝኸይድ ዝነበረ። ሓንቲ ስድራ ኣምላኽ ልዕሊ ዝኾነ ሰሪዓ እንተ ኸኣለት ክትሽገር ኣይክኣልን እዩ።

ኣብ መልእኽቲ ዮሓንስ ቀዳመይቲ ዝተነበትልና ኣምላኽ ኣቦና ከም ዝኾነ ንሕና ኸኣ ደቂ ከምዝኾና ይንገረና። ውሉድ ኣምላኽ ተባሂልና ምእንቲ ኽንጽዋዕ እግዚኣብሔር ኣቦ ኽመይ ዝበለ ፍቕሪ ከም ዝለገሠልና እሞ ርኣዩ፥ ውሉድ ኣምላኽውን ኢና (1ዮሓ 3፡1)። ኣብ ሰማይ ሰማያዊ ስድራ ብሓደ ተጠርኒፋ ኣላ፥ ንሕና ኸኣ ኣባላታ ክንከውን ዕዱማት ኢና፥ ከምኡ ናይ መጨረሻ ዓላማና ምስኣ ምዃን ስለ ዝኾነ ካብ ሎሚ ሓደ ስድራ ኮና በቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ክንጕዓዝ ይግብኣና።

ስምንታይ ኢና ነዛ ብኢየሱስን ማርያምን ዮሴፍን ዝቘመት ስድራ ቅድስት እንብላ? እዛ ስድራ እዚኣ ቅድስት እያ ምኽንያቱ ኣምላኽ ምስኣ ኣሎ ከምኡ ኣብ ኵሉ መዓልታዊ ሕይወታ ነቲ ኣምላኽ ካብኣ ዝደልዮ ክትምልስ ስንድውቲ እያ ነራ። ናይ ሓንቲ ስድራ ቅድስና ኣብቲ ንኣባላት እትገብሮ ወይ ዘይትገብሮ ኣይኮነን ዝምስረት። ቅድስቲ ስድራ እትብሃል ኣብቲ ዝውሃባ ጸጋን እምነትን እትህቦ መልሰ ግብሪ እዚ ኸኣ ኣብቲ መዓልታዊ ሕይወታ ዝጓነፋ ብፍላይ ኣብቲ ዘይተጸበየቶ እትህቦ መልሲ እዩ ዝግለጽ። ኵሉ እቲ ዝጓነፎም ዝነበረ ክብን ለጠቕን ሓጎስን ስቓይን ኢየሱስን ማርያምን ዮሴፍን ሓደ ነገር ዘስተምህረና ኣለዎ፥ እዚ ኸኣ ኣብ መዓልታዊ ሕይወትና ዝጓነፉና ክንጸውርን ክንዕገስን፥ ንድላይ ኣምላኽ ክንርኢን ክንእዘዝን። ቅድስት ስድራ ከመይ ገራ እያ ነቲ ኩሉ ዝጓነፋ ዝነበረ ጸገማት ትሰግሮ ዝነበረት? ኣብኦም ዝርአ ዝነበረ ሰላምን ሓጎስን ቅሳነትን ብኣንጻር ዝወርዶም ዝገጥሞም ዝነበረ ፈተናን ውርደትን ስደትን ዘርእይዎ ዝነበሩ ዓቢ ትዕግስትን እምነትን ንነፍሲ ወከፍና ኣብነት እዩ። ንኹሉ እቲ ዝወርዶም ዝነበረ ብዓይኒ ኣምላኽ ይርእይዎ ነሮም። ንዝወርዶም ዝነበረ ጸገማት ኣምላኽ ብእኡ ገሩ ዝሰደሎም ዝነበረ መልእኽቲ ኣንቢቦም ይኽእሉ ነሮም እዚ ኸኣ እዩ ንነፍሲ ወከፍና ዘድልየና። ኣብ ሕይወትና ንዝገጥመና ፈተናን ውርደትን ካብኡ እንምሃሮ መልእኽቲ ኣሎና።

ኣብ ፩ሳሙኤል 1፡20-28 ዘሎ እንተ ኣንበብና ሃናን ሕልቃናን ነቲ ኣብ እርጋኖም ዝረኸብዎ ወዶም ሳሙኤል ንኣምላኽ ኣብ ቤተ መቕደስ ከም ዘወፈይዎ ነንብብ። እዞም ክልተ ወለዲ ብዕድመ ዝሸምገሉ ኣብ ኣምላኽ ምሉእ እምነት ገሮም ንሓደ ወዶም ኣወፍዮሞ፥ ንድላይ ኣምላኽ ክገብሩ ኣይተወላወሉን፥ ንሕና ውን ኣብ ሕይወትና ልዕሊ ዝኾነ ነገር ኣምላኽ ሰሪዕና እንተ ኸኣልና ዝኾነ ጸገም ወይ ስክፍታ ክንሓልፎ ንኽእል ኢና። ኣብ ስድራታት ሎሚ ብሓፈሻ ክንርእዮ ከሎና ከቢድ ጸገም ኮይኑ ዘሎ ስክፍታ እንታይ ክኸውን እየ፥ ደቀይ እንታይ ክኾኑ እዮም ኣነኽ እናበልና ዘይቅሱን ሕይወት ንነብር ግን ነገራት ብምሉእ እምነት ገርና ኣብ ኣምላኽ እንተ ሓደግናዮም ሰላም ቅሳነት ክንረክብ ኢና።

ብዓልና እምብኣር ኣምላኽ እቲ ስድራ ዝፈጠረን ዝሰርዐን ዝጓነፋ ጸገማትን ድኽመታትን ብዘየገድስ ብናይ ትስብእቲ ሓደ ወዱ ኢየሱስ ክርስቶስ ክቕይራን መጋበሪ ድሕነት ከም እትኸውን ዝገበረ ንኹለን

ድራታት ሎሚ እውን ከምኡ ኽገብረልና ንለምኖ። ኣብነት ቅድስት ስድራ ተኸቲልና ዝኣነፈና ጸገማትን ድኽመታትን ብዘየገድስ ንቅድስና ዝተጸዋዕና ንቃል ኣምላኽ ኣብ መንጎ ስድራናታትና ክንሰምዖን ክነተግብሮን ይግብኣና። ኣብ ርክባትና ንቅድስት ስድራ ክንሓስብ እሞ ነቲ ኣብ ዓለም ዝኣነፍ ነገራት ተስፋ ከይቆረጽና ክንሓልፎን ክንጸሮን፥ ነገራት ከም ድላይና ጥራሕ ክኸዱ ክንደሊ የብልናን ኣብ ገለ እዋን ከባቢና ርኢና ጥበብን ልቦናን ክንገብር ትዕግስትን ምስትውዓልን የድልየና። መደባትና ናይ መጨረሻ ነገራት ከምዘይኮኑ ተረዲእና ናይ ካልኦት ጽን ክንብል ክንርድኦም ክንጽዕር ይግባእ። ንኹሉ ዝገጥመና ክንቆጻጸሮ ኣይንኽእልን ኢና ስለዚ ንዘይተጸበናዮ ዝኣነፈና ከመይ ኢልና ከም እንምልሰሉ ክንሓስብ ክንመርጽ ኣሎና እምበር ከየስተውዓልና ርክባትና ምስ ኣምላኽን ሰብናን ዝጎድእ ከይንመርጽ ክንትንቀቕ ኣሎና። ነቶም ሰላም ፍቕሪ ጽንዓት ዝህቡና ነገራት ክንመርጽ ኣሎና ኣብ ናይ ሰባት ጌጋታትን ክፍኣትን ክንተኩር የብልናን።

ጥዕና ስድራ ኣብ ትዕግስትን ኣብ ምምሕሓርን እዩ ዝምስረት። ጌጋ ዘይምርድዳእ ክኣነፈና ይክእል እዩ እቲ ቊምነገር ከመይ ገርና ንጌጋታት ንእርሞም እዩ። ዓይኒ ኣብ ልዕሊ ዓይኒ እንተ ኾነ መልስና ዝገደደ እዩ ዝወርድ ስለዚ ጽን ኢልና ክንሰምዕ ክንቅይር ስንድዋት ክንከውን ኣሎና። ከይመሓርካ ምሕረት ኣይርከብን እዩ፥ ኣብ ስድራታት ዝወርድ ጸገማት ክንዕወተሎም ፍቕሪ ልዕሊ ኹሉ ክንሰርዕ ክንክእል ኣሎና ከምኡ ምምሓር ክንምሃር ዝበለጸ ፈውሲ ጸገማትና እዩ።

ኣብ ዓለም ሓንት ቅድስት ስድራ ጥራሕ ነራ ንሳ ኸኣ ኣብ ሰማይ ብሓደ ኣላ። ግን ኣብ ምሉእ ዓለም ፋሕ ኢሎም ዝርከቡ ብዙሓት ስድራታት በብመገዶም ኣብነት ቅድስት ስድራ እና ሰዓቡ ንኣምላኽ ኣብ ኹሉ ልዕሊ ኹሉ እናረአዩ ዝገጥሞ ብዘየገድስ ንድላያቱ ዝፍጽሙ ኣለዉ። ኣብ ዓለም ብዙሕ ድምጺ የብሎምን ኣብ ዝኾነ ዝርአ ነገራት ኣይርአዩን ብሱቕታ ይነብሩ። እዚኦም ኣዕኑድ ስድራታት እዮም ኵሉ ነገር ኣብ ዝግለጸሉ እዋን ኵሉ ዝገበርዎ ኽግለጽ እዩ፥ ኹሉ ሰብ ብኣኦም ክግረም እዩ።

ሎሚ ኣብ ዘመና ልዕሊ ኹሉ እትሳቐ ዘላ ስድራ እያ። ፍቕሪ ርሒቑ ዝፈላሊ ዝበታትን በዚሑ። ኣብ ሰብ ክልተ ሰብ ኪዳን ዝርአ ምጽውዋር ምምሕሓር ተሳኢኑ ልዕሊ ኹሉ ካብ ኣብራኽ ዝወጹ ደቆም ይውጽዑን ይግፍዑን ኣለዉ። ወለዲ ንኣይ ኣይጠዓመንን ስለዚ ደቀይ ባዕሎም ይፈልጡ መጀመርያ ንኣይ ድሕሪኡ ንደቀይ ዝብል መንፈስ ስለ ዝበዝሐ ክበድ ኪዳን ፈኹሱ ንርእዮ ኣሎና። ኣብ መንጎ ሰብ ኪዳን ኣቲኻ ብዝኾነን ብዘይኮነን ኣብ ምፍልላይ ምሕጋዝ ዝኾነ ቤተሰብ ይኹን ካልእ ክኣትዎ ዘይግባእ ጉዳይ እዩ። ሎሚ ምእንቲ ሓድነትን ፍቕሪ ስድራታትን ብፍሉይ ክንጽሊ ይግብኣና። ኦ ቅድስት ስድራ ኣብነትኩም ተኸቲልና ንዝኣነፈና ፈተናን ጸገምን ስዒርና ድላይኩም ክንገብር ሓግዙና ንበል።

ኦ ቅድስት ስድራ ርድእና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ